# <u>ገብሪኤላ ሕደጊ ’ንዶ!</u>



ሕደጊ በሉዋ፣ ለምኑለይ
በዛ ጉዳም ከፊኡ ዕድለይ
ጸባ፣ርጉኦ ክንዲ ’ትኾነለይ
ሓዊዶ ትእጉደለይ!

ለብዘበን ልበይ ነደደ
ጉድ ረኺበ፣ ተዋሪደ
ዓዲ ’ማተይ ተሰዲደ
ምስ’ዛ ነግራም፣ ምስ’ዛ ዕደ!

ሕደጊ በሉለይ፣ ምሓሪኒ
“አያይ!” በሊ፣ አይትዳፈርኒ
መገዲ ኽንድ ’ትሕብርኒ
መዓንጣይዶ ተሕርርኒ!



ስዕስዒት፣ ጸወታ ይመስላ
ልበይ አብ ሰማይ ሰቒላ
ብገደል፣ ጸድፊ አንጠልጢላ
መኾሎ ሓጺን ትቖሉ ’ላ!

አፋ ምዓር፣ ልባ ዕረ
በተን ጓኖት አማሪረ
እንተ ዘይፈትወኪ ነይረ
ልበይ ምአዝ ምሐረረ?



ጉድ መጸኒ፣ ርኢኹምዶ?
እዛ ሰራም ሓንጊዳ ’ንዶ!
ልበይ አቑሲላ ’ተንድዶ፣
ገብሪኤላ! ሕደጊ ’ንዶ!

ምስ ምሓዙት ጥራይ ወግዒ
ብዘይላግጺ፣ ብዘይቀይዒ፣
ዝበልኩኺ ዘይትሰምዒ
መንገድኺ ተጸግዒ!

ገ/ኢ. ጐርፉ።